ኤርትራዊ ዲሞክራሲያዊ ኪዳን التحالف الديمقراطي الأرتري

ERITREAN DEMOCRATIC ALLIANCE

**ኣብ ፌስቲቫል 2009 ብኤርትራዊ ዲሞክራስያዊ ኪዳን ዝቐረበ ናይ ደገፍ መልኣኽቲ**

**ክቡር ኣቦ መንበር ኣሰናዳኢት ሽማግለ ሓባራዊ ፌስቲቫል ኤርትራ ፍራንክፎርት ጀርመን**

**ክቡራት ኣባላት ኤርትራዊ ደሞክራስያዊ ማሕበር ጀርመን**

**ክቡራት ኣዳለውቲ'ዚ ፌስቲቫል'ዚ ዝኾንኩም ጨንፈራት ሰልፊ ህዝቢ ኤርትራን ሰልፊ ደሞክራሲ ኤርትራን**

**ክቡራት ኣባላት መሪሕነትን መሰረታትን ሰልፊ ህዝቢ ኤርትራን ሰልፊ ደሞክራሲ ኤርትራን**

**ክቡራት ተሳተፍቲ ሓባራዊ ፌስቲቫል ኤርትራ**

**ክብራት ዕዱማት ኣጋይሽ**

**ብቀዳምነት ኣብዚ በብዓመቱ ዝጋባእ ሰፊሕ ፌስቲቫል ኤርትራ'ዚ ክንሳተፍን መልእኽቲ ኤርትራዊ ዲሞክራስያዊ ኪዳን ከነመሓላልፍን ኣሰናዳኢት ሽማግለ ንዝገበረልና ረዚን ሃገራዊ ዕድመ ልዑል ምስጋናና ከነቕርብ ንፈቱ። ኣብዚ ዝጋባእ ዘሎ ሰፊሕ በዓል'ዚ ብኣካል ክንሳተፍን ሓሳባትና ከነቅርብን ጽቡቕ ኣጋጣሚ'ኳ እንተነበረ ምስ ጽዑቕ ኣኼባታት ማእከላይ መሪሕነት ኤርትራዊ ዲሞክራስያዊ ኪዳንን ፈጻሚት ቤት ጽሕፈትን ውጽኢታቱን ብዝተታሓሓዘ ክንመጽእ ብዘይምኽኣልና ይቕሬታ እናሓተትና እዚ ታሪኻዊ ፌስቲቫል'ዚ ከምቲ ልሙድ ሃገራዊ መደባቱ ብዓወት ክዛዘም ልዑል ምንዮትና ንገልጽ። ከምኡ'ውን በዚ ኣጋጣሚ'ዚ ንኩሎም ኣብዚ ፌስቲቫል'ዚ ልዑል ሃገራዊ ግቡኦም ንምብርካት ካብ ቀረባን ርሑቕን ንዝመጹ ክቡራት ተሳተፍትን ዕዱማት ኣጋይሽን ብስም ኤርትራዊ ዲሞክራስያዊ ኪዳን ዕዙዝ ገድላውን ሕውነታውን ሰላምታና ከነቅርብ እንከሎና ልዑል ሃገራዊ ሓበንን ኩርዓትን ይስመዓና።**

**<u>ዝኸበርኩምን ዝኸበርክንን ተሳተፍትን ዕዱማት ኣጋይሽን ፌስቲቫል ኤርትራ</u>፣**

**ኣብዚ ዕለት'ዚ ሰፊሕ ፌስቲቫል ኤርትራ ኣብ ዝበዓለሉ ዘሎ ህሞት ፖሎቲካዊ ኩነታት ሃገርና ኣብ ትሕቲ ከመይ ዝኣመሰለ ውድዕነት ምህላዉ፡ ብሕጽር ዝበለ በዚ ታሪኻዊ ኣጋጣሚ'ዚ**

ምርኣዩን ምግምጋሙን ኣገዳሲ ይመስለና። ኣብ ሃገርና ኤርትራ ኣብ ውሽጢ'ዚ 18 ናይ ነጻነት ዓመታት ኣብ ትሕቲ ጸረ ህዝቢ ዲክታቶርያዊ ስርዓት ህግደፍ ብሰንኪ'ቲ ብውሽጥን ብደገን ክኽተሎ ዝጸንሖን ዘሎን ኣዕናዊ ፖሊስታት፡ ቅዋማዊ ግዝኣተ ሕጊ በዅሩ፡ ኩሉ ሰብኣውን ደሞክራስያውን መሰላት ህዝብና፡ መዳርግቲ ብዘይብሉ እናተጨፍለቐ ሃገርና ናብ ዓባይ ቤት ማእሰርቲ ዜጋታታ ዝተቐየረትሉ ኩነታት ንርከብ ኣለና። ሰላምን ርግኣትን ሃገርና ወይ ዞባና ዝተሓመሰሉ፡ ንተደጋጋሚ ዘይፍትሓዊ ውግኣትን ግብረ ሽበራዊ ተግባራትን ዝተሳጥሓትሉ፡ መላእ ኣፍራዩ ዓቕሚ ሕብረተ ሰብና ዝኾነ መንእሰይ ወለዶ ብናይ ኲናት ስነ-ኣእምሮን ግዱድ ወተሃደራዊ ዕስክርና ኣብ ፍቓዶ ካንቦታት ጅሆ ዝተታሕዘሉ ውድዕነት ነጊሱ ኣሎ። መንእሰይ ኤርትራ ከም ጊላ ተገዲዱ ንስርዓት ህግደፍ ዘገልግለሉ፡ ቁጠባዊ ቅልውላው ሃገርና፡ ባህርያዊ ኩነታት ድርቂ ተሓዊስዎ፡ ህዝብና ንከቢድ ጥምየትን ዓጸቦን ሓሳረ መከራን ኣብ ዝተጋለጸሉ፡ ኣብ ፍቓዶ ሃገራት ዝርከቡ ዜጋታትና ናይ ሞትን ሂወትን ሓደጋታት እናኣጋጠሞም ሃጽ ኢሎም ናብ ዝስደድሉን ሐደገኛ ናይ ምብትታን ሓደጋታት ኣብ ዘንጸላልወሉ ውድዕነት ኢና ኣቲና ዘለና።

በቲ ካልእ ሸነኽ ድማ ውሽጣዊ ኩነታት ገዛኢ ስርዓት ህግደፍ ክንርኢ እንከሎና፡ ኣብ መላእ ቢሮክራስያዊ መሓውራቱ ኢደ ወነናውን ውልቓውነትን ናብ ዝለዓለ ጥርዙ በጺሑ ኣብ ነፍሲ ወከፍ ናይ ስልጣን ጽፍሕታቱ መሳርሒ ብልሽውና ኮይኑ ኣሎ። ዘይሕጋዊ ንግድታትን ስርቅን ብዕልግናን ዕለታዊ ተርእዮን መለለዪ ሕላገት ናይቲ ስርዓትን ኮይኑ፡ ብሕድሕድ ምብልላዕን ዘይምትእምማንን መኣዝኑ ኣጥፊኡ፡ ፖሎቲካውን ቁጠባውን ማሕበራውን ጸጥታውን ኩነታት ካብ ዝኸፍአ ናብ ዝበኣሰ ሓደገኛ ሃገራዊ ቅልውላው የንቀልቁል ምህላው ንግንዘብ። በቲ ከሳውሮ ዝጸንሐ ዓሌታውን ብሄራውን ኣውራጃውን ከፋፊልካ ግዛእ ስዉር ስልቲ ጥራሕ ከይተሓጸረ፡ ብስም ፕሮግራም ሰፈራ ካብ ከበሳታት ኤርትራ ብርክት ዝበሉ ዓድታት ብኣስገዳድ ናብ ጋሽ ባርካ እናኣውረደ ኣብ ራእሲ'ቲ ከካይዶ ዝጸንሐ ደሞ-ግራፍያዊ ምቅይያራት ኣብ ውሽጢ ህዝብና መመሊሱ ሓደገኛ መርዚ ይነዝሕ ኣሎ። እዚ ኣጠቓላሊ ቅልውላው'ዚ ዘመልኽቶ እንተልዩ፡ ኣብ ሃገርና ንደሞክራስያዊ ለውጢ ዝዕድም ምቹእ ውድዕነት ምህላው ኣብ ግንዛቤ ኣእቲና ነዚ ክውንነት'ዚ ከመይ ናብ ረብሓታት ደሞክራስያዊ ቃልስታትና ነውዕሎ ካብ ማንም ግዜ ንላዕሊ ዕቱብ ሓባራዊ ስርሓትን ጻዕርታትትን ከሰላስል ይጠልበና ምህላዉ ዘርኢ'ዩ።

<u>ዝኸበርኩምን ዝኸበርክንን ተሳተፍትን ዕዱማት ኣጋይሽን ፈስቲቫል ኤርትራ</u>

እቲ ጭቡጥን ብጣዕሚ ተኣፋፍን ዝኾነ ውድዓዊ ኩነታት ሃገርና እዚ ኣብ ላዕሊ ዝተጠቕሰ ኮይኑ፡ ኣብዚ እዋን'ዚ ካብ ደንበ ተቓውሞ ብሓፈሻ፡ ካብ ኤርትራዊ ዲሞክራስያዊ ኪዳን ድማ ብፍላይ፡ ዝጥለብ ዕማም እንታይ'ዩ? ኢልና ምስ ንርኢ ብከምዚ ዝስዕብ ክጠቓለል ይኽእል ንብል። ኤርትራዊ ዲሞክራስያዊ ኪዳን ድሕሪ ሓድነታዊ ጉባኤኡ ኣብዚ ውሽጢ ሓደ ዓመት ዘሰላሰሎም መድረኻዊ መደባቱ ካልኣይ ስሩዕ ኣኼባ ማእከላይ መሪሕነት ሓደ ስጉምቲ ንቅድሚት ከም ዝሰጎመ'ኳ እንተገምገመ፡ ሕጂ'ውን ኣብ ቅድሚኡ ዓበይቲ ብድሆታት ምህላዎም ተመልኪቱ።

ካብዚ መሰረት ብምግባር ድማ መላእ ደንበ ተቓውሞ ሃገራዊ ዓቕምታቱ ብሓደ ኣንፊት ኣዋዲዱ ዝቓለሰሉ መርሆ ምእንቲ ክሕዝ ጉዳይ ሰፊሕ ዋዕላ ንደሞክራስያዊ ለውጢ ምርግጋጽ ይጽንሓለይ ዘይበሃል እዋናዊ ዕማም ኤርትራዊ ዲምክራስያዊ ኪዳንን መላእ ደንበ ተቓውሞን ሰለዝኾነ ንምዕዋቱ ኩልና ብሓባር ክንቃለሰሉ ዘለና መድረኻዊ ዕማም'ዩ። ስለ ዝኾነ ድማ እዚ ሰፊሕ ፈስቲቫል'ዚ ነዚ ረዚን ሃገራዊ ዓማም'ዚ ልዑል ትኹረት ብምሃብ መላእ ህዝብና ንምዕዋቱ ክረባረብ ዓቢ ኣስተዋጽኦ ክገብር ከነማሕጽን ንፈቱ።

ኣብ መደምደምታ እዚ ሰፊሕ ፈስቲቫል'ዚ ንደንበ ተቓውሞ ንቅድሚት ንምስጓም ኣገዳሲ ተርኡን እጃሙን ክጻወት እናተመነና፡ ንኩሎም ተሳተፍቲ እዚ በዓል'ዚ እንቋዕ ናብዚ በብዓመቱ ሃገራዊ ጉዳያትና ኣልዒልና ንዝትየሉ ሰፊሕ መድረኽ ዓመተ 2009 ፈስቲቫል ኤርትራ ኣብጻሓኩም እናበልና፡ ዕማማቱ ብዓወት ክዛዝም ሰናይ ምንዮትና ንገልጽ።

ከምኡ'ውን በዚ ኣጋጣሚ ክቡር በዓል'ዚ ከይጠቐስናዮ ክንሓልፍ ዘይንደሊ፡ እቲ ሎሚ ነዚ ታሪኻዊ ፈስቲቫል'ዚ እተተኣናግዱ ዘለኹም ሰልፊ ህዝቢ ኤርትራን ሰልፊ ደሞክራሲ ኤርትራን ንዝተበገስኩምሉ ሓድነታዊ ጉዕዞ ካልኦት ክልተ ውድባት'ውን ሓዊሱ፡ ኣብ ድሮ ምዝዛሙ ይገማገም ምህላዉ ኣብ ግንዛቤ ብምእታው፡ እዚ ኣገዳሲ ሃገራዊ ዕማም'ዚ ብዓወት ክፍጸምን ኣብ ጉዕዞ ቃልስና ልዑል ተርኡ ክጻወትን ዘለና ልባዊ ምንዮትና ንገልጸልኩም።

ዓወት ንሓባራዊ ፈስቲቫል ፍራንክፎርት ጀርመን!!

ዓወት ንሰፊሕ ዋዕላ ንደሞክራስያዊ ለውጢ

ኤርትራዊ ዲሞክራስያዊ ኪዳን

06 ነሓሰ 2009